ብስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ወአሓዱ ኣምላክ፡ ኣሜን።

# ክብረ በዓል ቅዱስ መስቀል ኣብ ቅ. ማርያም፡ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስትያን በይ ኤርያ ብድምቀት ተኸቢሩ።



እቲ ንዕለት 27 መስከረም 2008 (17 መስከረም 2001 ግእዝ) ካብ ሰዓት 5፡00 — 10፡00 ድ.ቀ. ዝተኻየደ ሃይማኖታውን ማሕበራውን ትሕዝቶ ሓቐፉ ኔሩ፤ ብዙሕ ህዝቢ ከኣ ተኸታቲልዎ። እቲ መደብ ብምህለላ፡ ጸሎተ ወንጌልን ስብከትን'ዩ ተኸፍቱ፡ ብድሕሬኡ ብሞያውያን ደቂ ቤተክርስትያን ኣብ እዋናዊ ንመነባብሮ ምእመናን ዝትንክፍ ጉዳያት፡- ኣሰራርሓ ቀረጽ ኣብ ሃገረ ኣመሪካ፡ መሰል ጡሮታን ካልእ ምስኡ ዝተሓሓዝ ነገራትን ብዝርዝር ቀሪቡ።

እቲ ስዒቡ ዝቐረበውን ንምግዛእ ገዛን ምስኡ ዝተኣሳሰር ሕግታትን ሜላታትን ቀሪቡ። ምእመናን ኣብ ሕቶን ርእይቶን ተሳቲፎም። ብድሕሬኡ ተመሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰንበት መሳጥን ሃናጽን ግእዝን ትግርኛን መዛሙር ኣቕሪቦም።



እቲ ብሳልሳይ ደረጃ ዝቐረበ መንፈሳዊ ሰሚናር ንህልዉ ኩነታት ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስትያን ዝገልጽ "በጊዜ ኣብዳን ኩኑ ጠቢባን" ብዝብል ኣርእስቲ ብቪድዮ ዝተሰነየ ሰፊሕ ኣስተምህሮ ቀሪቡ። ትሕዝቶቲ ሰሚናር ብሰፊሑ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ንኡስ ሃገረ ስብከት ክትከታተሉ ንዕድም (www.tewahdo.org)።

እቲ ውዕውዕን ሕጉስን መንፈስን ዝዓዘዞ ናይ በረኸት ምሸት ኣዴታት ቤተክርስትያን ቅ. ማርያም ብዘዳልወኦ ድራር እዩ ተዛዚሙ።



ኣገልገልትን ምምሕዳር ቅ. ማርያም  ቤተክርስትያን ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስትያን ኣብ ኣይ ኤርያ ካሊፎርንያ።